# ተበለጽትን ተበለጽቲ ዝመርሕዎ መንግስትን (መንግስቲ ወያነ)

ብ2012 ዝተጻሕፈ ጽሑፍ እዩ ፡ ውሑድ ምትዕርራይ ግን ገይረሉ

*ብግርማይ በርህ ገብረሚካኤል (ሸካን)*

ሓሳባተይ ከቅርብ ቅድሚ ምጅማረይ ፡ ከመሓላልፎ ዝደለኹ መልእኽቲ ንጹር ክኸውን ስለዝግባእ ፡ ተበለጽትን ተበለጽቲ ዝመርሕዎ መንግስትን ክብል ከሎኹ እንታይ ማለተይ ምዃኑ ጥቅስ ክብል እደሊ ። እዚ ጽሑፍ’ዚ ተበላጺ መርገጽ ንዘለዎም ውሑዳት ኤርትራውያን ቀንዲ መለለዪ ባህርያቶም ንምንጻርን ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘለዎ ኣሉታዊ ተራ ንምብራህ ሓጋዚ ተኾነት ዕላማ ሃልይዎ ፡ ኣብቲ ታሪኻዊ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝብና ቀሪቡን ተኻፍሊ ኮይኑን ንኽከይድ ዕድል ዘይረኸበ ፡ መንእሰይ ብዝበለጸ ንናይ ገዛእ ርእሱን ህዝቡን ረብሓታት ክሰርሕ ሓጋዚት ተኾነት ካብ ዝብል ሓሳብ’ውን እያ ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ጸረ ኤርትራ ዝኾኑ ሓይልታትን ተበለጽቲ ባእታታትን ፡ ሓያል ዝኾነ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት ዘካይድሉ ዘሎ ጊዜ እዩ ። ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት ብመንጽር ዕላማ ተጻባእቲ ክረአ ኮሎ ፡ ነቲ ንሕና ኤርትራውያን ንሕበነሉ ታሪኽናን ናይ እምነትን ክብርን ስርዓትና ፡ ነቲ ጽቡቅን ሕማቅን ኢልና ንመዝነሉ ናይ ሕብረተ ሰብና ኣጠማምታ ፡ ሓያልን ድኹምን ጎድንታትና ፡ ኣዝዮም ስንኩፋት ተሃወስቲ ዝግመቱ ጉዳያትናን ዝራኣዩ ጉድለታትናን መጽናዕቲ ብምውሳድ ፡ ዝተፈላለየ ሜላታትን ኣገባባት ኣሰራርሓታትን ተጠቂሞም ፡ ኣብ ልዕሊ ፡ ናይ ክብሪን እምነትን ስርዓትና ፡ ስምዒታትናን ስምዒታዊ ድርኺታትና፡ ጠባያትናን ጽልዋታት ንምፍጣርን ንረብሓታት ናይ ዝጻብኡና ሓይልታት ከተግብር ዘኽእል ኣታሓሳስባታት ሒዝና ፡ ካብቲ ህዝብና ዝተቃለሰሉ ዕላማ ክንውጽእ ዕላማ ዘለዎ ስለዝኾነ ፡ ኲሉ ሃገራዊ ክምክቶ ይግባእ። ነዚ ኣዕናዊ ስራሓት ቀንዲ መዋሊ ወያነ ስልዝኾነ ፡ ከም ብተበለጽቲ ዝምራሕ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጽሞ ሃስያ ክሳብ ክንድይ ምዃኑ ፡ ከም ስርዓት ሓደ ኣብነት ንምጥቃስ ከኣ ብወያነ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣቕሪበዮ ኣለኹ።

***<u>ተበለጽቲ ዝባሃሉ መንዮም ?</u>***

- ብተግባር ህዝባዊ ኣበርክቶ ዘይብሎም እንተኾነ ግን ንዝሰርሑ ሃገራውያን ከነኣእሱ ዝውዕሉ ፡ ብጀካ ኣሉታዊ ነገራት ኣኻኺቦምን ምሂዞምን ታሪኽ ህዝብን ሃገርን ምብላልን ምዝንባዕን ንህዝቢ ኮነ ንሃገር ጥቅሚ ዘይብሉ ፡ ንምዕባለን ዕብየትን ሓጋዚ ዘይኮነ ኣዕናዊ መልእኽትታት ከማሓላልፉ ዝውዕሉ ፡ ዝኾነ ኣውንታዊ ሃገራዊ ዕብየትን ህዝባዊ ኣሳልጦን ንምርድኡ ዘሸግሮምን ሓቂ ክዋሓጠሎም ዘይክእልን ፡ ብሰንኪ ኲቱር ጽልኢ፡ ንጽቡቅ ዝገልጹ ቃላት ዘልገሱ ፡

- ዓወት ዘጓናጸፈ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ከራኸሱን ከፍኩሱን ከም ምዱብ ስርሖም ዝወሰዱ ፡ ጅግንነትን ክብርታትን ህዝቦም ኣፍኪሶም ናይ ዘይፈልጥዎም ጓኖት ታሪኽ ዘድንቁ ፡ ካብ ንህዝቦም ንጓኖት ዝምእዘዙን ዝኣምኑን ፡

- ንውልቃዊ ረብሓታቶምን ህርፋን ስልጣንን ክብሉ ፡ ቅድሚ ሕጂ ንዝበደሉናን ገና ዝብድሉናን ህላወና ንምጥፋእ ዝሰርሑ ንዘለዉ ግዳማውያን ሓይልታት ከም መሳርሒታት ብምኧን ፡ ኣንጻር ሃገርን ህዝብን ቑጠባዊ ነብሰ ካኣልነት ፡ ግዳማዊ ተጽዕኖ ዘየፍቅድ ፖሎቲካዊ ምሕደራ ፡ ንባህላውን ማሕበራውን ክብርታት ፡ ንዲፕሎማስያዊ ስራሓት ሃገር ከተዓናቅፉ ዝፍትኑን ስነ ኣእምሮኣውን ኲናት ዘካይዱ ዘለዉን ፡

- ኣሎ ዝብሃል ዱሑርን ፈላለይን ዝንባሌታት እናተጠቅሙ ንሓድነት ዜጋታት ከላሕልሑ ፡ ሃገራዊ ተወፋይነት ሓልዮትን ከድክሙ ….. ዝጽዕሩ ከኾኑ እንከለዉ ፡

ብውልቂ ከም ተበለጽቲ ብእኩብ ከኣ ብተግባራዊ ስራሓቶምን ብዘለዎም ሕልናን ከም ናይ ተበለጽቲ ጉጅለ ምትእኽኻብ ክንገልጾም ንኽእል ኣዕነውቲ ኣካላት ማለተይ እየ ። ብዝያዳ መለለዪ ጠባያት ተበለጽቲ ብዝብል ከኣ ክቅርቦ እየ ። ብጥልመት ሃገርን ህዝብን ከኣ ይልለዩ ።

***__ናይ ተበለጽቲ መንግስቲ__***

- ብናይ ተበለጽቲ ጉጅለ ዝምራሕ መንግስቲ ኮይኑ ፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ከም መጋበርያ ናይቶም ዝሓየሉ መንግስታት ብምኧን ንውጹዓት ህዝብታት ክሃስን ክጻረርን ዝረኣ ፡ ካልእ ጊዜ ከኣ ብናይ ተበላጺ ጉጅልኡ ጠቅምታት መሰረት ፡ ምስቶም ዝሓየለ ስርዓት ዘለዎም መንግስታት ዝጋራጮ መሲሉ ፡ ንውጹዓት ህዝብታት ኣለኹልኩም ክብል ዝረአ፡
- ሕሉፍን ህልውን ታሪኻዊ ጉዕዞታቱ ከምዘነጽሮ ፡ ርግኣት ዘይብሉ ፡ ናይ ምድንጋር ጠባያት ዘለዎ ፡ ምስ ፈጺሞም ክራኸብ ዘይክእል ዕላማታት ዘለዎም ሓይልታት ብምምሕዛው ፡ ሓንሳብ ምስቶም ሓደ ሓንሳብ ከኣ ምስቶም ካልኦት ሕብርታቱ ከምነፋሒቶ እናቀያየረ ክኸይድ ዝርአ ፡ በብጊዚኡ ምስ መን ከምዝኸይድን ምስ መን ይጋራጮ ከምዘሎን ክትርድኦ ዘሸግር፡ ትማሊ ዝብሎ ዝነበረ ምስ ሎሚ ዝብሎ ዝጻረር ፡ ናይ ሎሚ ብጹተይ ዝብሎም ናይ ጽባሕ ጸላእቱ ገሩ ዘቅርብ፡

- ንጹር ንህዝቢ ከገልግል ዝኽእል ራእይ ዘይሕዝ ፡ ንህዝብን ህዝባዊ ዕላማን ቀዳምነት ዘይህብ ፡ ንፖሎቲካዊ ስልጣኑን ቑጠባዊ ረብሓታተይ ንዝብሎም ዝከላኸልን ፡ ዓስቢ ዘስንቅ ተሪኺቡ ፡ ኣብ ሃገሩ ኮነ ኣብ ጎሮባብቱ ንዝህሉ ህዝባዊ ዕላማታትን ትካላትን ከሃሲ ዝዕጠቅን ናይ ለኣኸቱ እሙን ኣገልጋሊ ምኺኑ ከረጋግጽ ዝሰርሐ መንግስቲ ማለተይ እየ ።

ብወያነ ዝምራሕ ስርዓት ኢትዮጵያ ሓደ ኣብነት ናይ’ዚ እዩ ። ዝቐርበሉ ጠብናጁ እናቀያየረ ፡ ጎይቶቱ ከሕጉስ ክፈታትኖ ይፈትን ። ኣዝዩ ሓደገኛ ብዝኾነ ኣገባብ ፡ ዝተፈላለየ ጥበባት ተጠቂሙ የደናግር’ዩ ዝብሎ ዝንባሌታት መዝሚዙን ኣባሪዑን፡ ንውጹዓት ደርብታት ኣንጻር ረብሓታቶም ከቃልስን ደንበ ውጻዓት ከፍርስን ፡ መለከዒ ዘይብሉ ጻዕርታት ክገብርን ካብቲ ብቀሊሉ ክንዕዘቦ ንኽእል ጠባያቱ እዩ ። ወያነ ፡ ብውጹዓት ተሓብሒቡ ዓብዩን ስልጣን ሒዙን ንውጽዓት ዝጠለመ ስርዓት እዩ ። ብጥልመት ከኣ ይልለ።

***<u>ቀደም ኣንጻር ሃገራዊ ሓርነታዊ ገድሊ ፡ ሎሚ ከኣ ጸረ ማሕበራዊ ፍትሒ</u>***

ገለ ኤርትራውያን ተበለጽቲ ባእታታት ፡ ኣብዚ ጊዜ’ዚ ኣዝዮም ዝተደናገሩ ኮይኖም ንረኽቦም ። ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ፡ ኣብ ጊዜ ጸገም ኮነ ኣብ ሰላም ምስህዝቦም ሓቢሮም ክሰርሑ ብዘይምኽኣሎም ፡ ካብ ሕበረተ ሰቦም ዝተነጸሉ ፡ ድሌትን ዓቕምታትን ህዝቦም ዘይፍልጡን ንክውንነት ሃገርናን ከባቢናን ምርዳእ ዝሓርበቶም ፡ ብስምዒት ተመሪሖም ዝጎዩ ኮይኖም ይርከቡ ። ሓንሳብ ብነገራዊ ፍልስፍና ፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ከኣ ይመስል ዶኾን ካብ ዝብል ብፀኸቶታዊ ኣጠማምታ ንነገራትን ተርእዮታትን ከረዳእናን ክገልጸልናን ይፍትኑ ኣለዉ ። ነገራወን ታኣምሪታወን ዝተደባለቐ ኣተሓሳስባታት ዘለዎም ሰባት ማለሎም ክራኣዩ ምፍታኖም ከኣ ፡ ነቲ ማልይኦም ዝኾነ ተበላጺ ጠባያቶም ዝገልጽ ምኻኑ ብዙሕ ሰብ ዝስሕቶ ኣይመስለንን ።

ፍሉይ ራእይ ስለዘይብሎም ብመዓልታዊ ተረኽቦታትን ወረታትን እዮም ዝምርሑ ። ንጹር ንገዛእ ርእሶም ኮነ ንህዝቢ ዘገልግል ዕላማ የብሎምን ። ከምኡ ስለዝኾኑ ከኣ እዮም ፡ ኣሜሪካውያን ኣብ ግብጺ ኮነ ኣብ ካልኦት ሃገራት ነብሱ ዝኽእለ ናይ ገዛእ ርእሱ ክወንነትን ሕብረተ ሰባዊ ጸገማቱን ዘለዎ ነወጺ ተራእዩ ፡ ከም ናይ ግብጺ ፡ ከም ናይ ልብያ ፡ ከም ናይ ቱኒዝያ .. ንግበር ይብሉ ።

ነተን ናይ ግዳም ሓይልታት ኣብ ወሽጣዊ ጉዳያተን የእትየን ዝተረመሳ ሃገራት ከም ዒራቅን ኣፍጋኒስታንን.. ተራእዩ ፡ **ከም ጽብቐ ኣብነት ተወሲዱ “ ንዑ ወያነ ኣብ ክንዳና ንመንግስቲ ኤርትራ ተዋጉኡ” እናበሉ ንደመኛታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምልማን ዝወዕሉወን ኣይተሳእኑን ።**

ብጠቕላላ ዘዝሰምዕዎ ፡ ንይቶቶም ዘቓልሕዎ ከም ዕልዋ መንግስቲ ፡ እገዳ ፡ ኣልሸባብ ፡ ኣልቃይዳ ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት …. ብፃባል ክንቀሳቐሱ ይርኣዩ ። ኣብ ኣሜሪካ ተወዓሉ ኣሜሪካ ፡ ምስ ወያነ ተወዓሉ ወያነ ፡ ኣብ ግብጺ ተወዓሉ ግብጺ ፡ በብዘዋዕልዎን ዝሰምዕዎን መሰረት ገሮም እዮም ዝንቀሳቐሱ ።

ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝራኣይዎን ዝሰምዕዋን ዓይነት ምሕደራ ፡ ቑጠባዊ ወፍሪ ፡ ዓይነት ደሞክራሲ ብህርፋን ይደልይዎ ። ኩወንነትን ዓቅምታትን ከይመዝኑ ከምታ ዝፈልጥዋ ክትትግበር ኣለዋ ይብሉ ። ባዕሎም ናይ ገዛእ ርእሶም ክሰርሑ ዘይኮነስ ቀዳሪም ጥራይ ዝጥቀሙ እዩ ዝመስሎም ። ገና ምስ ዝፍጠር ሓደሽ ኩነታት ኮለል ክብሉ ክቅጽሉ ከኣ እዮም ።

ህዝብኻ ኣሚንካ ነብሰ ምትእምማን ገርካ ንኹነታትካ ማዚንካ ፡ ኣሎ ትብሎ ሽግራት ንምፍታሕ ምስዝደለ ፡ በቲ ተጠቃሚ ህዝቢ ከም ዝስራሕ ዝፈልጡ ኣይኮኑን ። በንጻሩ ፡ ንህዝቦም ኣጋይሽ እዮም ርክብ የብሎምን ። ከምኡ ስለ ዝኾኑ ንህዝቦም ዘሕፀምን ዝገደኣን ክፈልጥዎ ኣይክእሉን ። ምስ ጸላኢ ህዝቦም ኮይኖም ዘጥቅዑ ጉጅለታት ምርኣይ ስቅ ኢሉ ዝመጸ ተርእዮ ኣይኮነን። ነብሱ ዝሸጠ ኣብ ጽጉዐነት ዝወደቀ ፡ ብጀካ ተኣዚዙ ምኻድ ንኻልኦትስ ይትረፍ ነብሱ'ውን ዝፈቅድ ኣይኮነን ። ካብቲ ብዙሕ ጠባያት ተበለጽቲ ፡ ገለ ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ከኣ ክፍትን እየ ።

- ብወልቃዊ ስልጣን ዘይምርካብ ዝኸፍዩ ፡ ዝዓብዩ ፡ ብወልቃዊ ስልጣን ዝሕሰሱ ዝጥበሩ ፡ ፍሉይ ኣቅልቦ ዝደልዩን ስለዝኾኑ፡ ዝናን ኣኽብሮትን ቀዳሚዩ ዕላማ ገይሮም ዝቖጽሩ ኮይኖም ንረኽቦም ። ስልጣን ክረኽቡሉ ዝኽእሉ መሲሉ ተተራእይዎም ንጹሃት መኣርሕቶም ብሓሶት ክወንጅሉን ካብ ዝሰርሕሉ ክልግሱን ፈተነታት የካይዱ ። ተንኮል ዘለዎም ግዳማውያን ሓይልታት ተተረኽቡ ከምመኣርሒ ኮይኖም ከገልግሉን ሃገር ክሃስዩን ድሕር ዘይብሉ ፡ ንነገራት ብበለካ ለኸዓካ ከባርዑን ህወከት ከሳውፉን ቑሩባት ኮይኖም ንረኽቦም

- ካብ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ንላዕሊ ኣብ ጓኖት እምነቶ የሕደሩ። ኣብ ክንዲ ብቀሊሉ ብተግባር ከረጋግጽዎ ዝኽእሉ ጅግንነት ህዝቦምን ኣሕዋቶን ኣብ ታሪኻዊ ቦታኡ ምቕማጥን መሰረት ናይ ሃገራዊ ተወፋይነት ምግባርን ፡ ንህዝቦምን ሃገሮም ብምቕላል ንዘይፈልጥዎም ግዳማውያን ከምኣሱን ክወድሱን ዝወፅሉ ኮይኖም ፡ ካብ ናይ ተለኣእኽነቶም ዓስቢ ካብ ምጥማትን ምጽላይን ግን ከኣ መሠዓደርቲ ዘይብሎም ሰሰዓትን ዝበልዕሉ ጻሕሊ ዝሰብሩን ኮይኖም ንረኽቦም ።

- ብዘይ ሞርቶዖታት ወለቀ ሰባት ክወንጀሉ ፡ ክብሪ ስድራታት ክደፍሩ ፡ ናይ ጠቕላላ ሕብረተ ሰብ ታሪኽ ዘይሚልክዑ ክትሕዙ ፡ ማሉእ ህዝቢ ዝኸፈለሉ ሃገራዊ ናጽነት ክይተረፈ ብካልኦት ክደፍሩ ዝጽዕሩ ሞሮላዊ ክብርታቶም ዝሸጡ እዮም።

- መብዘሕቱ ጊዜ ካብ ኣብ ነገራዊ ኣብ ታኣምራታዊ ሕልምታት ዝሕንብሱ ዝህወትቱ ፡ ብሕግን ወደባዊ ስነስርዓትን ተቀይዶም ክኸዱ ዘይደልዩ ፡ እንተኾነ ግን ሕጊ ብመጀመርያ ንዖኦም ትቀጽዕ ምኻና እናፈለጡ ፡ ብዘዕባ ሕጊ ብዙሕ ዝልፍልፉን ዝሸቅጡ ፡ ብተግባር ሃገራውያን ሕጋዊ ጉቦኦም ክይፍጽማ ክይኣበርከቱን ተዓጠቒም ዝሰርሑ ፡ ካብ ህዝቦም ንላዕሊ ሕልፊ እናደለዩ ሃገራዊ ጉቡኦም ግን ክኸፍሉ ዘይደልዩን ወይ ወን ካብ ምኽፋል ድሕሪት ዝተርፉ ፡ ባህርያትን ጠባይትን ዘለዎም ሰባት እዮም ።

- መብዘሕትኡ ጊዜ ኣብ መንጎ ብቃሎም ዝብልዎን ብተግባር ዝሰርሕዎን ዓብዪ ፍልልይን የርእዩ ። ኣፋውያን ብምኳን ክኣ ይልለዩ ። ብተግባር ተወፋይነት ዝሓትት ስራሕ ይጸልኡ። ንኻልኦት እናላኣኹ ንዝደልይዎ ስራሓት ክሳልጡ ይደልዩ ። ንተበላጺ ጠባያቶም ክዕወትሉም ኣብ ረብሓታት ናይ ወጹዓት ዘይሕሉ ጉዳያት ንወጹዓት ኣካላት እናደፍኡ ፡ ኣንጻር ጠቕሞም ከቃልስዎም ይጽዕሩ ።

- ካብ ሕብረተ ሰቦም ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ነንሕድሕዶም ኣነ ይበልጽ ኣነ ይበልጽ ናይ ምባልን ማሲሎም ናይ ምርኣይን ጠባያት ኣለዎም ። ኣብ ዝኾነ ዉልቃዊ ረብሓታት ኣለዋ ዝብልዋ ጉዳይ ካብ ሰቦም ንላዕሊ ዝያዳ ይደልይዋ ። መንግስቲ ስልጣን ተሃቦም ካብ ሰቦም ንላዕሊ መንግስቲ ክወድሱ ይወፅሉ ፡ ገበርትን ሓደግትን ማሲሎም ይራኣዩ ። መንግስቲ ብተግባራቶም ስጉምቲ ምስ ዝወስድ ወይ ካብ ስልጣኖም ምስዘወርዶም ፡ ተጠቀምቲ ከምዝይነበሩ ካብ ሰቦም ንላዕሊ ንመንግስቲ ከሚርሩን ፡ ቀደም ረሲዖሞም ዝነበሩ ኣካላት ክጽወፁን ክኣኻኽቡን ይፍትኑ ። መንግስቲ ይፍቶ ይጽላእ ክይገደሶም ንህዝቦምን ንሃገሮን ምግልጋል ጠባይ ኣይተዋህበቶምን ። ዝሰርሕዎ ስራሓት ንኣብ ስልጣን ዘለዉ ኣካላት ዘገልግሉ ዘለዉ እዩ ማሲሉ ዝራኣዮም ። ምኽንያቱ ካብ ኣብኢ ዝሰፍሐ ህዝቢ ኣብ ዉልቃውነት መሰረት ገይሮም ስለዘዓዓዙ።

- ኣብ ዘይተጻንዐ ጉዳይ ቀልጠፍካ ምውሳን ዝነዩ ፡ ኣብ ተግባር ምውዓሉን ዘይምውዓሉን ግን ዘይግደሶምን ዘይከታተሉን ፡ ብጽሑፉን ብቃልን ኣብ ኣኼብ ኣራጢጦም ክልፍልፉ ኣዝዮም ዝፈትዉ ፡ ተቀያያሪ ጠባያትን

ባህርያትን ዘለዎም ፡ ናይ ትሜልን ናይ ሎሚን ዘረባኦም ነንሕድሕዱ ዝዋቓዕ ፡ ናይ ዘሎ ይኹን ናይ ዝመጽእ ንህዝቢ ዝጠቅም ራእይ ዘይብሎም ኣብ ድንግርግር ዝነብሩ ፡ ዘይቁሰናት ኮይኖም ይርከቡ ።

- ብሰንኪ ስንፍንኦምን ዝፍጥር ጸገማት ንኸልኡት ክጥቅኑን ሓላፍነት ከሰክሙን ፡ መቐጸሪ ዘይብሉ ምኽንያታትን ኣምሳሉን ዝልፍልፉን ዝጽሕፉን ፡ ቀንዲ መንቀሊ ናይ ጸገማት ባዕሎም ክንሶም ፡ ሳዕቤናቱ ንኸልኡት ሂቦም ህዝቢ ከላዕሉ ዝፍትኑ ፍጡራት እዮም ። ኣብ መበዝሕትኡ ሕብረተ ሰባዊ ታሪኻዊ ኣወንታዊ ስራሓት ኣዶም ዝቑጥቡ ፡ ንዕኦም ዘይተርብሕ ምስትኸወን ይርሕቁዋ ፡ ኣጸቢቆም ከኣ ይፈልጥዋን የለልይዋን ።

- ተራጻሚ ዝኾነ ጎንጽታት ኣብ ዝራኣየሉ ጊዜ ኣብ ክንዲ ፍትሓውን ዘይፍትሓውን ጠበያቱ ሞሚሞም ነቲ ፍትሓዊ ምድጋፍን ንዘይፍትሓዊ ምቅዋምን ፡ መን የሰንፍ ንምምዛን ንነገራትን ተርእዮታትን ብበሓደ ክደምዱን ከጉደሉን ኣዝዮም ጊዜ ዝወስዱ ኮይኖም ንረኽቦም ። ሓደ ሓደ ጊዜ ዓወት ምስ ተረኸበ ነቲ ዝተረኸበ ዓወት ካብ ሰቦም ንላዕሊ ከምዝሰርሕሉ ማሲሎም ምርኣይ ጠበያት የዘውትሩ ።

- ብተግባራቶም ካብ ህዝቦም ምስዝንጸሉ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ዝለዓለ ገበናት ክፍጽሙ ድሕር ኣይበሉን ። ( ከም ናይ ህዝቢ ታሪኽን ቃልስን ምሽናን፡ ቃልሲ ጌጋ እዩ ነሩ ምባል ፡ ናይ ክንደይ ጀጋኑ ሰማእታት ሃገር ዕላማታት ምምርሳሕ ) ክንደይ ሰብ ከምዝጉዳእ ናይ ብዙሓት ኣተሓሳስባ ኣብ ጸብጻብ ዘየእትዉ ፡ ንነገራት ብከወንነቶም ዘይመዝኑ ፡ ንጊዚኡ ንዓይ ይጥዓመኒ ኣነ ዘይጥቀመሉ ንዓይ እንታየይ በሃልቲ ፡ ብወልቃወነት ዝተመሪዙ ኮይኖም ይራኣዩ ።

ተበለጽቲ ሜሪ ሜሪ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ፡ ድሕሪኡ ዝቐጸለ ጉዕዞን ፡ ኣንጻር ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተጻብኦታት ክገብሩ ምኽኣሎም ግን ብዘይኣርግን ዘይምሕርን ሕሞም ዝተታሕዙ እዮም ካብ ምባል ዓዲ ኣይትወፅልን ። ጊዜ ስለዝበልዐን እርጋን’ውን ስለዘርከበን ብቢዜ ዕድመ ሪኢኻ ፡ ብቁጽሪ ከኣ ደሚካ ፡ ተመሊስካ ሕሉፍ ታሪኽም ምስእትምርምር ፡ ካብዮም ንኢትዮጵያ ዝገዝኡ ዝነበሩ ሰብ ስልጣናት ዝያዳ ነዊሕ ዝተባረኸ ኣደመ ዝሓዘ ይመስሉ ።

ተበለጽቲ ንዘለዎም ሕልና ማዚንካ ፡ በቲ ካልእ ከኣ ዝሓለፈ ታሪኻዊ ህዝባዊ ቃልስን ዝተኸፍሎ ዋጋ ኣብ ጸብጻብ የእቲኻ ማሀን ክትገብር ምስትፍትን ፡ ከም ተራ ሃገራዊ ኣብዚ ጊዜ'ዚ እንተውሓደ ብዙሪር መሪገጽ ክትቃወሞ ትግደድ ። ምኽንያቱ ምፍራስ እማበር ምህናጽ ዘይብሉም ብዙግባር ንህዝብን ንሃገርን እንታይ ኣበርኪትኩም ተባሂሎም ብቦዶ ዝቀርቡ ፡ ረብሓታት ሃገርን ህዝብን ዘይሕሉ ክብርታት ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዘፍከስ ጠባያት ዘለዎም ፡ ኣብ ነዊሕ ቃልሲ ብስራሕ ተኾስኪሱ ዝዓበየ ሃገራዊ ተወፋይነትን ሓርበኝነትን ዘፍከሱን ፍሉይ ማለዩ ሕብረተ ሰብና ዝኾነ ባህሊ ዘልምሱን ፡ ነብሰ ተኣማንነትን ጫዋነትን ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ኣጥፊኦም ካብ ኣብ ህዝቦም ኣብ ጓኖት እምንቶ ዘሕደሩ፡ ላሓስቲ ሳእኒ ብምኳን ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ዝኣረጉ ህዝባዊ ዕላማ ዘይብሎም ስለዝኾኑ ። ጸላእትና ኣብ ዓወዲ ኩናት ዝሰኣንዎ ዓወት ብወዲት ብናይ ዓለም ሽርሒታት ብምልክዕ እገዳን ስነ ኣእሞርኣዊ ኩናትን መሰረት ገሮም ክፍጽምዎ ንዝደልዩ በደል ንኸተግብሩ ዋና ኣሳሰይቲ ኮይኖም ዘለዉ እዮም ።

ቀደም ኣንጻር ሃግራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ሎሚ ካኣ ኣንጻር ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ክላዓል ግድን ይኾውን ። ብመጀመርታ ግን ምስ ህዝብኻ ኮንካ ፡ ንዝጎደለ እናመላእካን ንዝራኣዩ ጌጋታት ከእረሞ ዝኽእሉ ኣገባባት እናገበርካን ምስ ህዝብኻ ክትዓብን ተሞኩሮታትካ እናኣሐየልካ ህዝባዊ ረብሓታት ክትሕሉን ክትከላኸልን ፡ ባህሊ ሓርበኛታት ኤርትራውያን ዝኾነ ጠበይ ነብሱ ዝኸኣለ ህዝባዊ ዕላማ ስለዝኾነ በይኑ ሰሪዕካ ምርኣዩ ኣገዳስነት ኣለዎ ።

እቲ ካልእ፡ እቶም ምስቶም ህዝብና ደም ዘንብዑ ጸላእትን ጓኖትን ተሰሊፎም ሕልናኦም ሸይጦም ዝኾዱ ንዘለዉ ህዝቢ ዝፈንፈኖም ወሓዳት ተበለጽቲ ከኣ ጸረ ህዝቢ ተጻረርቲ ስለዝኾኑ ፡ ክልቲኡ ዘይራኸብ ጠባያት ምዃኑ ዝሳሓት ኣይኮነን ። ምኽንያቱ እቲ ተራጻሚ ትሕዝትኡ ኣብ ረብሓታት ናይ ህዝቢ ዶ ፡ ረብሓታት ናይ ገዛእትን ለቅለቅቲ ዝኾኑ ተበለጽትን ይትሓሎ ዝብል መሰረት ዝገበረ ዕላማ ስለዝኾነ ። በዚ መሰረት ከኣ ነቲ ህዝባዊ ዕላማ ርኢኻ ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ኣብ ምሕላው መሰረት ዘለዎ ፡ ፈታውን ጸላእን ዘነጸረ ንጹር ራእይ ምህላው ናይ ግድን ይኸውን ።

**ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ናጻ ከወጽእ፡ ህዝቢ ኣብ ህዝባዊ ዕላማታት ተኣማሚኑ ከምዝኸይድ ዝገበረ ሓይሊ እዩ ። ህዝቢ ፈታዊኡን ጸላኢኡን ኣለልዩ ንናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓታት ተቓሊሱ ናጻ ክወጽእ ከሎ ፡ እዞም ወሓዳት ተበለጽቲ ናጻ ከይወጹ መጋርሒ ጸላኢ ኮይኖም ብምትራፍ ናይ ጸላእትና ቃላት ክደጋግሙ ክትርኢ ከለኻ ፡ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ናጻ ከወጸኦም ዘይከኣለ ሰብ ረሰው ኣሎ ትብል ።**

ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ብጠቕላላ ትሕዝቶኡ ክረኣ ከሎ ፡ በቶም ዝለዓለ ሃገራውን ህዝባውን ሓልዮትን ህዝባዊ ዕላማ ዘለዎም ፡ በቶም ዝሜበለ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘጥረዩን ዝወነኑን ዜጋታት ፡ ህዝባዊ ረብሓታት ንምዕዋት ዝካየድ ቃልሲ እዩ ።

ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ሓርነታዊ ገድሊ ንሽግር ህዝብና ሃገርን ንምፍታሕ ተባሂሉ ዝተሃንጸ ፡ ንኹሉም ዘይፍትሓውያን ወረርቲ ሓይልታት ዝለብለበ መሳርሒ ትካል ኮይኑ እዩ ኣገልጊሉ ። ብቐጥታ ኮነ ብዘዘዋዋሪ ብሓለንጊ ገድሊ ዝተለብለቡ ዓመጸኛታትን ተበለጽትን ንዝለብለቦም ገድሊ ክፈትዉ ማለት ግን ዘይሕሰብ እዩ ። ስለዚ ናይ ተጻራርነት ናይ ነገራት ሕጊ ግዲ ኮይኑ ፡ ንናይ ህዝቢ ናጽነት ዝግበር ገድሊ ኩሉ ይፈትዎ ኮይኑ ኣይተረኽበን ። ተበለጽቲ ነብሶም ካብ ህዝቢ ስለዘግለሉ ካብ ናይ ህዝቢ ናጽነት ዝተፈልየ ፍሉይ ናጽነት ደለይቲ ኮይኖም እዮም ዝኸዱ ።

ስለዚ መሰረታዊ መዓቀሊ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝፈጠሮ ጸገማት ንምፍታሕ ዝተፈጥረ ኮይኑ ፡ ነቲ ጸገማት ንምፍታሕ ብሰላማዊ መገገድታት ዝኣክል ጻዕርታት ተገይሩን መሰዋእቲ ተኸፊሉን ክፍታሕ ስለዘይተኻእለ ፡ ገዛእቲ ሓይልታት ክርደእዎ ብዝኽእሉ መገገድታት ፡ ወድብ መሰሪትካ ብዕጥቂ ብረት ምቅላስ ግድን ኣድላይነት ስለዝነበረ እዩ ተሰሪሑ ። ብተግባር ዝሰረሖን መሰዋእቲ ዝኸፈለሉን ከኣ ዉልቀ ሰባት ዝይኮኑስ ፡ ብጠቕላላ ሕበረተ ሰብ ኤርትራ እዩ ነይሩ ። ስለዝኾነ ከኣ ሃገር ዋናኡ ህዝቢ እዩ። ናይ ህዝቢ ክቡር ዋንነት ክጥፍኡ ንዝሰርሑ ዉልቀ ሰባት ጸረ ህዝቢ ካብ ምኻን ካልእ ክኾኑ ኣይክእሉን ። ምኽንያቱ ባዕሎም እንታይነቶም ብተግባራቶም ይገልጹ ስለዘለዉ ።

መብዛሕትኦም ተበለጽቲ ንገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ከፍከሱ እዮም ዝፍትኑ። ገድሊ ክሳብ ክንደይ ከብርን ከቢድ ስራሕ ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ እኳ እንተኾነ ቁሩብ ጥቅስ ከብል እደሊ ፡

ሃገራውያን ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ናጻ ክወጹን ብናይ ገዛእ ርእሶም ዓቕምታት ክማሓደሩን ድሌት ጌሮም ተበግሶ ኣብ ዝወስደሉ ጊዜ ፡ ነቲ ዕላማ ከዕውቱ ዝኽእሉ ሓይልታት ወዲብካ ቃልሲ ንምክያድ ፡ ሓያል ዝኾነ ጻዕሪ ፡ ተወፋይነት ፡ ፖለቲካውን ስነ ሓሳባውን ብቕዓትን ንቕሓትን ፡ ቑጠባውን ንዋታውን ቀረባትን ፡ ንመስዋእቲ ድልውነትን ተወፋይነትን.... ስራሓት ስለዝሓትት ፡ ሃገራውያን ሓይልታት ጠርኒፍካ ፡ ሃገራዊ ዓቕምታት ኣወሃሂድካን ወዲብካን ፡ ኣንጻር ናይ ሓብር ጻላእቲ ዘቓልስ ሜሕን ሓይልን ምጥራይ ብቀሊል ዝስራሕ ጉዳይ ኣይኮነን ። ብቐሊሉ ከኣ ኣይተሰርሐን ። ነዚ ስራሕ እዚ ከኣ ተበለጽቲ ዝኽእልዎ ስራሕ ኣይነበረን ። እዚ ስለዝኾነ ተበለጽቲ ክሰርሕዎ ንዘይክእሉ ነገር ኩሉ ጊዜ እዮም ዘቓልልዎ ። ካብኡ ሓሊፎም እወን ነቲ ጀጋኑ ዝሰርሕዎ ታሪኽን ቅያን ጌጋ እዩ ነይሩ ክብልዎ እንተኻእሉ ዘኽፉኣሎም ኣይኮነን ። ስለዘይናቶም፡ ሃገር ናጻ ንምውጻእ መዓ ነብሱ ዘየሕሰመ ? ሰብኣዊ ግህሰት ዶ ንበሎ ? መሓእ ሂወቶ ኣብ ቃልሲ ዝበለዩ ቁጽሪ የብሎምን ፡ ሰብኣዊ ግህሰት ዶ ንበሎ ? ጀጋኑ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብጾቶም ኮነ ንነብሶም ክስውኡ ተኸይዮም ሓደ ንሓምሻ ስለዝሕስብዎ ዕርድታቶ ዘይደፈር ከገብሩ ፡ ካብ ክብዶቶም ንላዕሊ ዕርድታት ንመስርሑ ኣዕኑደን የእማንን እናተሰከሙ ኮለዉ ከልና ሪኢና ፡ ሰብኣዊ ግህሰት ዶ ንበሎ ?

ሃገራዊ ናጽነት ፡ እቲ ዝለዓለ ህያብ ንሓደሽ ወለዶ እዩ ። መን ይስራሓዮ መን ይሰዋኣሉ ፡ መን ሂወቱ ሚኑ ንሃገር የረክብ ፡ ንገዛእ ርእሱ ሓንቲ ከይተጠቅመ ንሃገሩን ንህዝቡን መን ይጥቀም ፡ — ክላዓሉ ዝኽእል ሕቶታት እዮም ።  ብ98.8% ህዝቢ ኤርትራ መልሱ ንጹር እዩ ። ጅግና ኤርትራዊ ተጋዳላይ ፡ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ ፡ ናይ ገዛእቲ መግስታዊ ሓይልታት ደምሲሱን ናይ ተበለጽቲ ሕልምታት ሰይሩን ሃገር ካብ ባዕዲ ናጻ ዘወጸአ ተጋዳላይ ።  ናጽነት ፡ ተጋዳላይ ጥራይ እዩ ንሓደሽ ወለዶ ከም ህያብ ከረክባ ዝኽእልን ዝኸኣለን ።

ተቓለስቲ ናይ ሕብረተሰቦም ናጽነት ፡ ሓርነትን ባህላዊ ክብርታትን ማያን ክሕሎ ፡ ንዝፈትዎም ገዲፎም ሂወቶም ንኽህቡ ቁሩባትን ደለዋትን ኮይኖም ክሰርሑ ምኽኣል ፡  ብቀሊሉ ዝጥረ ሚገጽን ወጻነን ኣይኮነን ኣይነበረን ። እዚ ከኣ ተጋደልቲ ጥራይ እዮም ዝኸኣልዎ ። ተበለጽቲ ነዚ ወን ሰብኣዊ ግህሰት ክብሉና ድሕር ዝብሉ ኣይመስለንን ።

ተበለጽቲ ብዙሕ ዓመታት ኮለል ከምዝበሉ ነጊሮሞ ፡ እንታይ ኣፍሪዮም ክነግሩና ግን ዝረስዕዎ ይመስሉ ። ንሕብረተሰበይ ዝብልዎ እንታይ ኣበርክቶ ከምዝገበሩ ምፍላጥ ኣገዳሲ ነይሩ ። ብፍላይ እንታይ ህያብ ንሓደሽ ወለዶ ይህልዎም ኮን ይኸውን ኣልካ ነብስኻ ትሓትት፡ እንተ እቲ ፡ ኣሜን ንዓመጽቲ ኣልካ ምስጋድ ፡ ካብኡም ንላዕሊ ተሓለቕካ ምዝራብ ፡ ናይ ዕሱብነትን ባንዳነትን ጠበያት ፡ ናይ ወሊቃዊ ትዕቢትን ኣንነትን  ተግባራት ዘይብሉ ኣፋውነት ፡ ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ተቀባልነት የብሉን ጥራይ ዘይኮነስ ጽያፍ እዩ ።

ሃገራዊ ሓርነታዊ ገድሊ ሓያል ፖለቲካዊ ንቅሓትን ቆራጽነትን  ዘድልዮን ተሞኩሮታት ዝሓተትን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ፡ መከዋእቲ እናተኸፍሎ ዝዓኩኽ'ወን እዩ ።  ካብ ናይ ወልቂ  ናይ ብዙሓት ረብሓታት ይተሓሎ ተባሂሉ ፡ ኣይግዛእን ኣይምበርከኽን ንገዛእቲ ፡ ዓወት ወይ ሞት ኣልካ ደለው ምኳን ንመከዋእቲ ፡ ኣደካሚ ደይብ ወረድ መከርሕ ምርብራብ ዘለዎ ፡ ሞራላዊ ጽንዓትን ነብሰ ተኣማንነትን ዝሓትት ፡ ብናይ ግዳም በለጫልጭ ቑንጅናን ልቡን ኣእምሮኡን ዘይስለብ ተጋዳላይ ዝስሙ ዘካይዶ ስራሕ እምበር ማንም ዘይክእሎ ፡ ነዊሕ መገዲ ምኳኑ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብተሞኩሮ ዝሓለፎ  ጉዳይ እዩ ። ቀደም ፡ ኤርትራዊ ተቓላሳይ ዝሰገሮ መድረኽ ክሳብ ለሚ ተበለጽቲ ክርደእዎ ዘይክኣሉ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ፡ ልኡላውነት ሃገር ፡ በቶም ዐና ዓዶም ገዲፎም ክስደዱ ፍቓደኛታት ዘይነበሩን ዘይኮኑን ዘካይደዎ ብናይ ወጹዓት ቃልሲ ዝተረኽበ ዓወት ምኳኑ ፡ ብፍላይ ንተበለጽቲ ምንጋሮም ዘድሊ ኣይመስለንን ።

መላእ ህዝቢ ኤርትራ ንክብሩን መንነት ሃገርን ክብል ክሽገርን ክሓስሞን ከሎ ተበለጽቲ ብዘለዎም ነብሰ ፍትወት ካብ ህዝቦም ተነጺሎም ፡ ካልእ ይሕሽና ዝብልዎ ምርጫ ገይሮም ይነብሩ ነይሮም ። ዓወት ምስተረከበ እወን ሕብረተ ሰብ ንወልቀ ሰባት መሃሪ ፡ ጸዋሪ፡ ይቅረ ባህሊ ፡ ቀጻዕን ሓላፍነት ዋሃብን ምኳኑ ብምእማን ምስ ህዝቦም ተሰሪዖም ክኸዱ ኣብ ክንዲ ምጽዓር ፡ ተበላጺ ጠበያቶም መመሊሱ ስለዝሰርነቶም ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣተሓሳስባታት ክንግሱ ምፍታኖም ዘገርም እዩ ። እቶም ዝፈልጥዎም ምኩራት ተቓለስቲ ንዒቆሞ ዝሓልፍዎ እኺ እንተኾኑ ፡ እቶም

ገርሀኛታት ኣብ ስደት ንነብር ፡ ሃገር ብዘኾነ መገዲ ክትትንከፈልና ዘይንደሊ ግን ፡ ዘሕዝን ስራሕ እዩ ምባል ዘይኮነ ሃገራዊ ሓላፍነት ተሰኪምና እጃምና ክንገብር ንግደድ ። እቲ ምንታይ ንሕና ናይ ሕልና ቅሳነት ዝህብ ንረብሓ ህዝብና ፡ ንሶም እናወዓለ እናሓደረ እሾኽ ዝኾነ ም ንረብሓታት ጸላእትና ስለዝኾነ ።

ብቓልሲ ዝሓለፉ ኣያታትና ፡ ኣሕትናን ኣሕዋትናን ከሎም ነዚ ናይ ተበለጽቲ ጠበያት ኣዝዮም ዝፈልጥዎ ጉዳያት እዩ ። ከሎም ሰማእታት ኤርትራ ብሂወቶም ከለዉ ፡ ከሉ ጊዜ መልእኽቶም ናብ ዝተርፉ እናኣመሓለለፉ ፡ ዝተሰወእሉ ዕላማ ኣብ ሓደጋ ከይወድቅ ወሕስነት ክግበሮ ምኻኑ ኣብ ሕብረተሰቦም እምንቶ ገሮም እዮም ሓሊፎም ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ጊዜ ከኣ ህዝቢ እዩ ዋሕሶም ። ኤርትራውያን ተቓለስቲ ዝተሰወእሉ ዕላማ ብዘበለጸ ንምሟባሉ እንተዘይኮይኑ ንቑልቑል ዝጥምት ምሽርራፋት ከይተገብሮ፡ ናብ ሃገራውያን ሓይልታት እናተወራረሰ ንቅድሚቱ ዝኸይድ ምኻኑ ተኣሚኑሉ ብተግባር ዝተሰርሓሉ ጉዳይ ከኣ እዩ ነይሩ ።

ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ብዙሓት ሃገራውያን ሂወት ዝተሃንጸን ዝተዓወተን ስለዝኾነ ፡ ናይ ብዙሓት ብሂወቶም ዘለዉን ዝተሰወኡ ጀጋኑን ታሪኽን ክብርን እናገለጸ ኣብ ታሪኻዊ ምዕባለ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዓብዪ ቦታ ሐዚን ተሰሪዑን ፡ ንብረት ህዝቢ ኮይኑን ዝነብር ክብሪ ናይ ከሉ ኤርትራዊ ቅርሲ ምኻኑ ፡ ከሎም ተበለጽቲ እንተዝፈልጥዎ ምዛሸ ። ኮይኑ ግን ተበለጽቲ ሽግራቶም ብዙሕ እዩ ። ረብሓታቶም ምስ ናይ ህዝቢ ረብሓታት ዘይቃዶ ስለዝኾነ ሃገራዊ ሓርነታዊ ገድሊ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምምጻእ ዝግበር ቃልሲ'ውን ዝፈትውዎ ጉዳይ ኣይኮነን ። ምኽንያቱ ንክብሪ፡ ንሰላምን ብልጽግናን ኤርትራ ዝጻረሩ ስለዝኾኑ።